# ንምክንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ናይ ምክልኻል ደብዳበ

ፌደራላዊ መንግስቲ ስዊዘርላንድ
(Schweizerische Eidgenossen-schaft)

www.stop-fgm.admin.ch

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

**The Federal Council**



## ዝኸበርኩም ኣባላት ስድራቤት፡ ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

መንግስቲ ስዊዘርላንድ ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ስዊዘርላንድ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ገበን ምዃኑ በዚ የረጋግጽ። ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝፈጸሙ ወይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ከንሸብቲ፡ ወለድን ኣዝማድን ኣብ ስዊዘርላንድ ከቢድ ሕጋዊ ሳዕቤን እዩ ዝጽበዮም።
እዚ፡ እቲ ምኽንሻብ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝተፈጸመን እቲ/እታ ገባሪ/ት ሰብ ድማ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ/ትርከብ ምስ ዝኸውንን እውን ይምልከት።

ነዚ ኩነታት ኣኽቢርኩም ንድሕነት ናይ ጓልኩምን ናይ ሙሉእ ስድራቤትኩምን ኢልኩም ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ግደፉ። ኣብዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

**ኤሊዛቤት ባውመ-ሽናይደር**
ኣባል ፌደራላዊ ቤት ምኽሪ: ሓላፊ መንግስታዊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት (EDI)

**በሃት ጃንስ**
ኣባል ፌደራላዊ ቤት ምኽሪ: ሓላፊት መንግስታዊ ክፍሊ ፍትሕን ፖሊስን (EJPD)

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እንታይ እዩ፧

ኣብ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ደጋዊ ክፍሊ ብልዕቲ ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ይእለ። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ሓደ ግዜ ከም ቀሊል ዝርኣዩ ተግባራት ከም ምውጋእ/ምቑራጽ ብልዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ እውን የጠቓልል።

# ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ክልኩል እዩ

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስዊዘርላንድን ኣብ መብዛሕትኦን ካልኦት ሃገራትን ክልኩል እዩ።

ገበናዊ ሕጊ ስዊዘርላንድ (StGB) ዓንቀጽ 124፥ ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ

[1] ዝኾነ ሰብ ብልዕቲ ጓል-ኣንስተይቲ ዝኸንሸብ፡ ብዓቢኡን ንሓዋሩን ተፈጥሮኣዊ ስርሖም ዘዳኽም፡ ወይ ብኻልእ መንገዲ ዝሃስዮ፡ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ ይቕጻዕ።

[2] ዝኾነ ሰብ ነቲ ተግባር ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝፍጽም፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብን ናብቲ ዝመጸሉ ሃገር ኣሕሊፉ ዘይወሃብ ሰብ እውን ተቐጻዒ እዩ። [...]

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስዊዘርላንድ ሕጋዊ መቕጻዕቲ የስዕብ...

***...ዋላ ኣብ ወጻኢ ሃገ ር ይፈጸም።***

... ዋላ ኣብ «ክሊኒክ» ወይ ውን ብናይ ጥዕና ክኢላ ይፈጸም።

... ዋላ ቅድሚ ናብ ስዊዘርላንድ ምእታው (ወይ ካብ መገሻ ምምላስ) ዝተፈጸመ ወይ ዝተኣዘዘ ይኹን። እዚ ማለት፡ ዋላ ውን ሓንቲ ጓል ካብ መበቆል ሃገራ ክትወጽእ ስለዝኾነት ቅድሚ ምውጽኣ ብዕላማ ኣንተ ተኽንሺባ።

# ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ሕጋዊ መቕጻዕቲ የስዕብ

**መን'ዩ ዝቕጻዕ፧**

- ከንሽብቲ ጥራይ ዘይኮኑ ጓል ዘኽንሽቡ ወለድን ኣዝማድን ውን ይቕጽዑ እዮም።
- ኣደን ኣቦን (ወይ ካልኦት ናይ ምእላይ መሰል ዘለዎም እንተለዉ) ንጓሎም ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ኣለዎም። ነታ ጓል ካብ  ምኽንሻብ ምስ ዘይከላኸሉላ፡ እሳቶም ውን ክቕጽዑ ይኽእሉ እዮም።
- ኣብ ስዊዘርላንድ ዘይነብር ሰብ ውን ኣብ ስዊዘርላንድ እንተሃልዩ ናብቲ ዝመጸሉ ሃገር ኣሕሊፉ ዘይወሃብ እንተኾይኑ (ንኣብነት በጻሒ ጋሻ ወይ በዚ ዓዲ ሓላፊ) ክኽሰስን ክቕጻዕን ይኽእል።

**መቕጻዕቲ እንታይ ይመስል፧**

- እቲ መቕጻዕቲ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ማእሰርቲ እዩ (ገበናዊ ሕጊ StGB ዓንቀጽ 124 ቁ 1)።
- ብተወሳኺ ወጻእተኛ ብገበን ምስ ዝፍረድ/ትፍረድ ካብ ስዊዘርላንድ ን5 ክሳብ 15 ዓመት ይስጎግ/ትስጎግ (ገበናዊ ሕጊ (StGB) ዓንቀጽ 66a ቁ 1 ፊደል b)።

# ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ክልኩል ዝኾነሉ ምኽንያት

ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብተን ዝተጠቕዓ ሰባት ናይ ምሉእ ዕድመ፡ ከቢድ ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል። ብድሕሪኡ፡ ብዙሓት ንኣብነት ብቃንዛ፡ ረኽስታት፡ መኻንነትን ጸገማት ሕርስን ይሳቐያ። ብተወሳኺ ኣብ እዋን ምኽንሻብ ብሰንኪ ምፍሳስ ደም ወይ ረኽስታት ሞት ክስዕብ ይኽእል።



**ኣገዳሲ ክፍለጥ ዘለዎ፥** ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ገበንን ከቢድ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን መሰል ቆልዑትን እዩ። ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮን ቆልዑትን ዝፍጸም ዓይነት ዓመጽ እዩ።

# ተወሳኺ ሓበሬታታት

ሚንስትሪ ጥዕና ስዊዘርላንድ (Bundesamt für Gesundheit)
www.stop-fgm.admin.ch

**ምኽሪ**

ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ምኽሪ ምስ ዘድልየኩም፡ ሃገረ ስዊዘርላንድ ንሃገራዊ መርበብ ወሃቢ ኣገልግሎት ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (Nationale Anlaufstelle des Netzwerks gegen Mädchen-beschneidung Schweiz) ክትውከሱ ይላበወኩም።

Netzwerk gegen Mädchenbeschneidung Schweiz
www.mekinschab.ch
ኢመይል፥ mikri@mekinschab.ch
ቴለፎን፥ +41 41 419 23 55

**ኢምፕሪንት**

ኣዳላዊ፥ ፌደራላዊ መንግስቲ ስዊዘርላንድ (Schweizerische Eidgenossenschaft)
ዕለት፥ 01.12.2023

BBL no. 316.203.tig



Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

**The Federal Council**

ተወሳኺ ሓበሬታ ናይቲ ናይ ስዊዘርላንድ ወግዓዊ

# ንምክንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ናይ ምክልኻል ደብዳበ

## ንዓልኩም ካብ ምኽንሻብ ተኸላኸሉላ

ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትክንሸብ ትኽእል እያ ኢሎም ስግኣት ዘለዎም ወለድን ካልኦት ናይ ምእላይ መሰል ዘለዎም ሰባትን።

ብምትሕብባር ምስ

Network against
female genital cutting
Switzerland

### ቅድሚ መገሻ፥

- ምስ ፈለጥትኹምን ክኢላታትን ተዘራረቡ፤ ጓልኩም ካብ ምኽንሻብ ብኸመይ ብዝበለጸ ክትከላኸሉላ ከም እትኽእሉ ብሓባር ንምዝታይ፡ ምስቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ መርበብ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (Netzwerk gegen Mädchenbeschneidung Schweiz) ርክብ ግበሩ። ምስ እትኣምንዎ/ዋ ሓኪምኩም (ንኣብነት ሓኪም ህጻናት፡ ሓኪም ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ሓኪም ስድራቤት) ተዘራረቡ።
- ካብ ምብጻሕ ስድራቤት ምቑጣብ ወይ ዕለት ናይ መገሻ ምስግጋር፦ ጓልኩም ክትኽንሸብ ዝደልዩ ኣዝማድ ምስ ዝህልዉኹም፡ ብዝተኻእለ መጠን ነዞም ሰባት ካብ ምብጻሕ ተቖጠቡ ወይ ንጓልኩም ምሳኻትኩም ናብኣቶም ኣይትውሰድዋ።
- ንጓልኩም ሓብርዋ፦ ምስ ጓልኩም (ከከም ዕድሚኣ) ብዛዕባ ጥዕንኣን ሓደጋታት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮን፡ ስለምንታይ ካብኡ ክትከላኸሉላ ከም እትደልዩን እንታይ ዓይነት ባህርያት ክተዘውትር ከም ዘለዋን ተዘራረቡ።

### ኣብቲ ቦታ፥

- ናብ ወጻኢ ሃገር ክትገሹ ከለኹም ኩሉ ግዜ እቲ ናይ መከላኸሊ ደብዳበ ምሳኻትኩም ክትሕዝዎ ይግባእ። ነቲ ሰነድ ምስ ናይ ጉዕዞ ሰነዳትኩም ኣቐምጥዎ።
- ጓልኩም ኩሉ ግዜ ኣብ ቀረባኹም ትኹን ወይ ድማ ንነዊሕ እዋን በይና ምስ ኣዝማድኩም ኣይትግደፍዋ።
- ንብዓልቲቤትኩም/ንብዓልቤትክን፡ መጻምድትኹምን ካልኦት ንጓልኩም ንምክልኻል ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ዝቐርብኹም ሰባትን ተወከስዎም/ኣማኽርዎም።
- ድሮ ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተሃሊኹም ውን ንመርበብ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ስዊዘርላንድ (Netzwerk gegen Mädchenbeschneidung Schweiz) ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ኣገዳሲ!

**ዝተኸንሸበት ወይ ክትኽንሸብ ዝተባህለት ጓል በደል የብላን፡ ዘኽስሳ ነገር ውን ኣይገበረትን። ዝምልከተን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምክልኻልን ደገፍን መሰል ኣለወን።**

### ዝኾነ ሕቶታት ኣለኩም ድዩ ወይ ሓገዝ የድልየኩም ድዩ፧

ሃገራዊ መርበብ ወሃቢ ኣገልግሎት ኣንጻር ምኽንሻብ ኣዋልድ
(Nationale Anlaufstelle des Netzwerks gegen

ቴለፎን፥ +41 41 419 23 55
ኢመይል፥ mikri@mekinschab.ch
www.mekinschab.ch
Facebook Messenger:
www.facebook.com/femalegenitalcutting

እቲ ኣገልግሎት ምኽሪ ካብ ክፍሊት ነጻ ኮይኑ፡ ኣድላይ ምስ ዝኸውን ስም ብዘይ ምግላጽን ምስ ተርጓሚ/ትን ክካየድ ይኽእል እዩ።

**ኣብ ህጹጽ እዋን፥ ንፖሊስ ቴለፎን 117 (ስዊዘርላንድ) ወይ 112 (ኣውሮጳ) ተወከሱ።**

BBL no. 316.203.tig ዕለት፥ 01.12.2023